**TIGRINYA**



# ናይ ውህደት መሰረታዊ ትምህርቲ (IGU) – ወፍሪ ኣብ መጻኢ ሂወትካ

## ናይ ሙያ ተመኩሮን ብዝሰማማዕ ኣገባብ ንዝተዳለወ ናይ ትምህርቲ መስርሕን ኣብ ሓደ ኣዛኒቑ ብዝሓዘ ናይ ስራሕ ዕድላትካ ኣደልድል

ምስ መጻኢ መደባትካ ዝቃዶ፥ ትምህርቲ ዘጠቓልል ስራሕ ትደሊ'ዶ? ምናልባት'ሞ ናይ 2 ዓመት ዝንውሓቱ ናይ ምውህሃድ ትምህርቲ (IGU) ንዓኻ ዝኸውን እዩ።

### IGU ክትወስድ ኣለካ ምኽንያቱ:

- ሞያዊ ትምህርቲ ንምጅማር ዘለካ ዕድላት ከማሓይሽ ዝኽእል ናይ ስልጠና መደብ ስለእትውድእ
- ናይ ስራሕ ተመኩሮን ንገዛእ ርእስኻ ዝሓሸ ንምድጋፍ ዕድላት ስለእትረክብ
- ናይ ዓመት በዓል ደሞዝን መሰል ናይ ስራሕ ኣልቦነት ሓገዝን ስለእትረክብ (ደረጃ

Udlændinge- og Integrationsministeriet

Styrelsen for International Rekruttering og Integration




# ሓበሬታ ብዛዕባ IGU

## እዚ መስርሕ ንክልተ ዓመታት ዝካየድ ኮይኑ ትሕዝትኡ ድማ፡

### ስራሕ ኣብ ኣብያተ-ዕዮ

ን 2 ዓመት ዝኸውን ናይ ቤት ትምህርቲ ኣስተምህሮ ዝሓዘ 33-37 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ኣብ ሓደ ኣብያተ-ዕዮ ትሰርሕ። ኣብ'ዚ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ ዕዮታት ዕሙቕ ዝበለ ስልጠና ብምሃብ ብኡ'ቢሉ ድማ ን CV (ጽሟቕ ዝርዝር ድሕሪ ባይታ ትምህርትኻን ስራሕካን) ጽቡቕ ናይ ሞያ ተመኩሮ ይህበካ። ምስኡ ድማ ብዛዕባ ናይ ደንማርክ ኣብያተ-ዕዮ መዓልታዊ ኣካይዳ ኣፍልጦ ፡ ከምኡ'ውን ግዱሳት መሳርሕቲ ትረክብ።

### ኣስተምህሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ

ኣብተን 2 ዓመታት ብድምር ናይ 23 ሰሙናት ናይ ምሉእ ግዜ ናይ ትምህርቲ እዋን ክህልወካ እዩ። እዚ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክምቀል ይኽእል እዩ - ንኣብነት ኣብ ሰሙን 8 ሰዓታት ትምህርቲ፣ 29 ሰዓታት ስራሕ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ሰሙን 37 ሰዓታት ብምምሃር ኣብቲ ካልእ ሰሙን ድማ 37 ሰዓታት ስራሕ ክኸውን ይኽእል። ምስ ኣስራሒኻ ብሓባር ብምዃን ንመደብ IGU፣ ደረጃ ቋንቋ ዴንማርክካን ደረጃ ትምህርትኻን ዝሰማማዕ ኮርሳት ዘለዎ ውጥን ስልጠና ተዳሉ። እዚ ክልቲኡ ትምህርቲ ቋንቋ ዴንማርክን ሞያዊ ኮርሳትን ዘጠቓለለ ክኸውን ይኽእል።

### ክትጥቀመሉ እትኽእል ምስክር ወረቐት

መስርሕ ብምሉኡ ምስዝድምደም፡ ንመጻእቲ ወሃብቲ ስራሓ ከተርእዮ ዝከኣል ናይ ዝተደምደመ IGU-መስርሕ ምስክር ወረቐት ይወሃበካ።

### ደሞዝን መሰላትን

ከም ሓደ ኣብ ፕሮግራም IGU ዝተቖጽረ ልምምድ ዝገብር ሰብ መጠን፣ እንተወሓደ EGU (ደረጃታት ሞያዊ መሰረታዊ ትምህርቲ) ክኽፈል እዩ። ብተወሳኺ ድማ ልክዕ ከም ሓደ ተራ ቀዋሚ ሰራሕተኛ ናይቲ ኩባንያ ተመሳሳሊ መሰላት ክህልወካ እዩ።

እዚ ማለት ድማ፡

- መሰል ናይ ዓመት ዕረፍቲ ክረክብ ይኽእል
- ትልሚ ጡረታ ክህልዎ ይኽእል
- ናይ ኣፍልጦ ግዜ ክህልዎም እዩ

**ኣብ እዋን ስራሕ ልምምድ ዝኽፈል ደሞዝ**
ኣብ እዋን ስራሕ ልምምድካ፡ ኣስራሒኻ ንኣብቲ ትካል ዘለካ ብዝሒ ናይ ስራሕ ሰዓታት ደሞዝ ክኸፍለካ እዩ። ደረጃ ደሞዝ ድማ ኣብቲ እትሰርሓሉ ኢንዱስትሪ ይምርኮስ። ብማእከላይ ገምጋም ቅድሚ ግብሪ ካብ 10,000 – 12,000 ክሮነር እዩ።

**ኣብ እዋን ትምህርቲ እትረኽቦ ኣታዊ**
ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ እትመሃረሉ እዋን ናይ ትምህርቲ ኣበል ናይ ምርካብ መሰል ኣሎካ። ኣብቲ ትምህርቲ ዘለካ ሰዓታት ድማ ካብቲ ትካል ዝኾነ ደሞዝ ኣይትረክብን ኢኻ።

| ደረጃ ክፍሊት ትምህርቲ 2024 | |
|---|---|
| በይኑ/በይና ብዘይ ኣቆልዑት | DKK 7.118<br>ክሮና ወርሓዊ ቅድሚ ግብሪ |
| ሰብሓዳር ምስ ቆልዑት | DKK 9.961<br>ክሮና ወርሓዊ ቅድሚ ግብሪ |
| በይኑ/በይና ምስ ኣቆልዑት | DKK 14.232<br>ክሮና ወርሓዊ ቅድሚ ግብሪ |

## ናይ መእተዊ ረቛሒታት፤

### ሰራሕተኛ IGU ንምዃን ናይ ግድን፤

- ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ፍሉያት ሕግታት ምስ ስደተኛ ዝተራኸቡ ወይ መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህቦም ስደተኛ ወይ ኣባላት ስድራቤት ክኾኑ፤
  - ኣብ ኣፍጋኒስታን ንዝርከቡ ሰበስልጣን ዴንማርክ ዝሓገዙ ብግዝያዊ ፍቓድ መንበሪ ዝንቀሳቐሱ
  - ካብ ዩክሬን ንዝተመዛበሉ ሰባት ግዝያዊ ፍቓድ መንበሪ ዝምልከት ሕጊ
- ብውሑዱ ዕድሚኡ 18 ዓመትን ትሕቲ 50 ዓመትን ክኸውን
- ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ መደብ IGU ትሕቲ 20 ዓመት ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ዴንማርክ ዝተቐመጡ



# ከምዚ ጌርካ ይጅመር

ብዘይ ናይ ከሙነ ወይ ካልኦት ህዝባዊ ትካላት መንጎኝነት፡ ባዕልኻ ምስ ናይ ህዝባዊ ወይ ውልቃዊ ኣብያተ-ዕዮ ናይ IGU-ኣካይዳ ስምምዕ ክትገብር ይክኣል እዩ።

**ኣብ ናይ ኣብያተ-ዕዮ ልምምድ (praktik) ወይ ናይ ደሞዝ ሓገዝ (løntilskud) ምስ እትህሉ**
ድሮ ኣብ ናይ ስራሕ ልምምድ እንተሃሊኻ ወይ ናይ ደሞዝ ድጎማ ትረክብ እንተኾይንካ፣ ኣብ ተመሳሳሊ ትካል ናይ IGU ስራሕ ክትቕጽል ትኽእል ኢኻ።

ምስ ኣማኻሪኻ ዝርርብ ግበር። ብሓባር ኮይንኩም ድማ ንናትኩም ዞባዊ ማእከል ዕዮ (jobcenter) ወይ ድማ ናይ ስራሕ ኣገልግሎት ዴንማርክ (Jobservice Danmark) ብቑጽሪ ስልኪ 72 200 350 ብምድዋል ንኣካይዳ IGU ብኸመይ ከተዛንቕዎን ንናይ ውዕል ሰነድ ከም እትፍርሙን መልሲ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ምስ ሓደ ኣብያተ-ዕዮ ርክብ ምስ ዘይህልወካ**
ብዛዕባ IGU ብዝያዳ ክትፈልጥ ምስ እትደሊ ከምኡ’ውን ምስ ኣብያተ ዕዮ ክትራኸብ ምስ እትደሊ፡ ንናትካ ማእከል ዕዮ (jobcenter) ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።

ናይ መራኸቢ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ
**info.jobnet.dk/mit-jobcenter**
ንሳቶም ክሕግዙኻ እዮም።



Udlændinge- og
Integrationsministeriet

Styrelsen for International
Rekruttering og Integration